# በዓለ ኪዳነ ምህረት ዮካቲት

## ኪዳንኪ ውእቱ ማርያም ለኃጥአን ተስፋነ

ዚቅ ወታሥተስርዩ ኃጢአተ ሕዝበኪ ተበውሐ ለኪ እምአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ከመ ትኩኒ ተንከተመ ለውሉደ ሰብእ ለሕይወት ዘለዓለም።

ንባባት፡ ገላትያ 4፡1-12፥1ዮሓ1፡4-8፥(ራእይ 12፡1-6)፥ ግ.ሓ.1፡13-15፥ ሉቃስ 1፡39-57።

ምስባክ፡

1. ዘያነብራ ለመካን ውስተ ቤቱ፥ ወያስተፈስሓ ልእመ ውሉድ፥ ዘያነብራ ለምካንውስተ በቱ። ንመኻን አደ ቖልዑ ገሩ አብ ቤት ብሓጎስ የንብራ መዝ. 113፡9።
2. እስመ ትቤ ለዓለም አሓንጽ ምሕረተ በሰማይ ጸንዐ ጽድቀከ፥ ኪዳን ተካዮትኩ ምስለ ኅሩያንየ። “ንዓለም ምሕረት ክገብር እዩ፥ አብ ሰማይ ኪዳንካ ጽኑዕ እዩ፥ ምስቶም ሕሩያነይ ኪዳን አትየ እየ” መዝ. 89፡ 1-2።

ዓመታዊ ዝኽረ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት ዘኪርና ነብዕል አሎና። ተበውሐ ለኪ እም አብ ወወልድ መመንፈስ ቅዱስ ከመ ትኩኒ ተንከተመ ለውሉደ ሰብእ ለሕይወት ዘለዓለም ካብ አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንደቂ ሰብ መሳልል ሕይወት ዘለዓለም ክትኮኒ ተፈቒዱልኪ እዩ። እናበልና አብቲ አምላኽ አብ ማርያም ዝገበሮ መሰረት ገርና ኢና ሎሚ ንማርያም ዘኪርናያ ዘሎና። ኩሉ ነገረ ማርያም አምላኽ ዝደልዮን ዝመደቦን እዩ ንሳ ኸአ ነቲ አምላኽ ዘቕረበላ ብምሉእ እምነት ሕራይ ኢላ ተቐቢላቶ ነዚ መሰረት ገርና ብዓለ ማርያም ነኽብር።

ቀዳሞት ወለድና ሰይጣን ተዓዊትሎም ሎሚ እውን ይዕወተልና አሎ፥ንሶም ካብ አምላኽ ምስ ወጽኡ እታ ሓንቲ ምስ አምላኽ ክዕረቑ ተስፋ ዝኾነቶም እቲ ካብ ጓልካ ተወሊደ ከድሕነካ እየ ዝብል ተስፋ ጥራሕ እያ ነራቶም። መጽሓፍ ቅዳሴና ነዚ ክገልጽ እንከሎ አንቲ ውእቱ ተስፋሁ ለአዳም አመ ይሰደድ እምገነት፥ ካብ ገነት ክስደድ እንከሎ ንስኺ ጥራሕ ኢኺ ነርኪ ተስፍኡ ይብል። ማርያም ከስ ዓራቒት ሰማይን ምድርን ስለ ዝኾነት ዝተፈላለየ ነቲ ንሳ ዝገበረቶ ዝገልጽ አስማት ይውሃባ፥ ታቦተ ኪዳን፥ ተስፋ ቅቡጻን፥ አ ምዕራግ እምድር እስከ ሰማይ፥እናበልና ተራ ማርያም አብ ድሕነትና ዝገልጽ ንሰመያ። `

### ታቦተ ኪዳን፡

አብ ብሉይ ኪዳን ታቦተ ኪዳን ዝለዓለ ክብሪ ይውሃቦ ነሩ ምኽንያቱ አብኡ ህላዌ አምላኽ ዝግለጸሉ ስለ ዝነበረ። አብቲ ታቦተ ኪዳን ሰለስተ ነገራት ነበረ። 10ተ ትእዛዛት እግዚአብሔር፥ በትረ አሮን፥ ከምኡ ካብ ህብስተ መና፥ በዚ እስራኤላውያን አምላኽ አብ መንግአም ከምዘሎ ይአምኑ ነሮም። እስራኤላውያን ታቦተ ኪዳን ኩሉ እዩ ንአአም እምነቶም ታሪኾም ህላዌአም መንነቶም ስለዚ ኩሉ ሕይወቶም ምስኡ ክተሓሓዝ አለዎ።

ነዚ ምስቲ አብ ማርያም ዘሎና እምነትን ርድኢትን ክንርእዮ ከሎና አቐዲሙ ነቲ ንሳ ክትጾሮ ክትወልዶ ዘለዋ መስሕ ከምዘመልክት ንርኢ። ታቦተ ኪዳን እምብአር ናይ ማርያም እንታይነት ዝገልጽ እዩ። ንሳ ቃል አምላኽ አብ እምኒ ዝተጻሕፈ ዘይኮነ ብርእሱ አብ ከርሳ ስለ ዝሓደረ

ካብአ ሥጋና ለቢሱ ባህርናን ከማናን ብዘይካ ኃጢአት ስለ ዝወሰደ አደ አምላኽ ትብሃል። እዚ ነቲ ዝለዓለ ርክብ ምስ አምላኽ ከም እትረክብ ገርዋ።

እስራኤላውያን ንታቦተ ኪዳን አብ ዝሰፈርዎ አብ ክብ ዝበለን ፍልይ ዝበለ ቦታ ይገብርዋ እሞ ክጽሊ ዝደለ ምስ አምላኽ ክራኸብ ዝደለ አብኡ ከይዱ ይጽሊ ነበረ፥ ሙሴ አብኡ ምስ አምላኽ ገጽ ንገጽ ይራኸብ ነበረ። ታቦተ ኪዳን ከንቀሳቕሳዋ ከለዉ ብዓቢ አኽብሮትን ዓጀባን እዮም ዘንቀሳቕስዋ ነሮም ስለዚ ኩሉ ድሕሪ ታቦተ ኪዳን እዩ ነሩ። አብ ሓደ እዋን ጸላእቶም ንታቦተ ኪዳን ምስ ማረኽዋ መቕጻዕትን ሕማምን ሞትን አምጽአትሎም ስለዚ አብ እስራኤላውያን መሊሶማ። ታቦተ ክዳን ንእስራኤላውያን ምልክት ህላው አምላኽ አብ መንግአም ስለ ዝኾነት ዝለዓለ አኽብሮት ይህብዋ ነሮም።

እዚ ነቲ ንማርያም ዝውሃብ አኽብሮት እዩ ዝገልጸልና። ንሳ አደ አምላኽ ምስ ኮነት እቲ ዝለዓለ ክብሪ ተዓዲላ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኒ እዮም ዝበለቶ መዝሙር ምስጋና ነቲ ካብ አምላኽ ዝረኸበቶ ጸጋን ክብርን እያ ገሊጻ። ክብሪ ማርያም መጀመርያ ካብ አምላኽ እዩ ተዋሂብዋ ካልአይ ነቲ አምላኽ ዝሃባ ንሳ ኸአ ሕራይ ኢላ መልሲ ሂባትሉ። እዚ አብ ስራሕ አምላኽ ከምእትሓብር ገርዋ። አምላኽ ኩሉ ዝኽእል ናታ ምትሕብባር ሓቲቱ በዚ ኢና አምላኽ ካብ አኽበራ ንሕና እውን ክነኽብራ ግቡእ እዩ እንብል።

### ማርያም ተስፋና እያ፥

አዳምን ሔዋንን ባዕሎም ብዘምጽእዎ ጸልማት ተጎልቢቦም አብ ፍርሕን ራዕድን ተስፋ ቁርጸትን እንከለዉ ናይ ማርያም ተራ ምስ ሰምዑ እዮም ንጉዕዞ ተሓድሶን ዕርቂ አምላኽ ብተስፋ ተጸብዮም። አምላኽ ዳግማይ ርክቡ ካብ ጓሉ ተወሊዱ ከም ዝዕረቐ ነጊርዎ ነቦና አዳም። ቀዳሞት አበው በዚ ተስፋ ኰሎም ሓሊፎም ንምጽአት ወዲ ማርያም ክርእዩ ሃረር ኢሎም። ስምዖን ነብዪ ንኢየሱስ ሕጻን አብ ሕቑፉ ምስ ተቐበሎ "አዒንተይ ነቲ ምድኃንካ ርእየናአ እየን" (ሉቃ 2፡ 2835) እናበለ ነቲ ዝነበረ ጽቢት ገሊጹን አመስጊኑን። ሰብ ብተስፋ ክነብር እንከሎ ሕይወት አለዎ ንዘይ ስገር ዝመስል ነገራት ክሰግር አይጽግሞን፥ ተስፋ ክቖርጽ እንከሎ ሞት እዩ ዝመጽአ። ማርያም ነቲ አብኡ ኩሉ ተስፋ ዝተገብረሉ ስለ ዝወለደት አደ ተስፋ ንብላ። ንአና ተስፋና እያ። ተፈጸመ ተስፋ አበው በማርያም ድንግል እናበልና ንጽልን ነመግንን።

መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ካብአ ምስ ተወልደ ኩሉ ረኺብና እዚ ግን አብኡ ሱታፌ ክህልወና እንከሎ እዩ ነቲ ተስፋና ምልአት ዝህቦ። ድሕሪ ዕርገት ኢየሱስ ሓዋርያት አብ ጽርሓ ጽዮን ብፍርሒ ተዋሒጦም እንከለዉ ብተስፋ ክጸንዑ አብ መንግአም ዝነበረት ማርያም እያ። ነቲ ዘጸናንዕ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ተሰናድዎም ነራ ጸሎት ትመርሖም ነራ፥ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ አብ ዝረስሐ ልቢ አብ ዘይተቐረበ ልቢ ክወርድ አይክእልን እዩ፥ በዚ እያ ነቲ ዝነበሮም ፍርሒ አልዮም ነቲ ዝተዋህቦም ተስፋ ወዳ ክጽበዩ ትመርሖም ዝነበረት።

ሎሚ አብ ሕይወት ነፍስወከፍና ብተስፋ ክነብር ትደልየና። ኪዳኑ ዘይጠልም ወዳ ምሳና ክሓድር ክትልምነልና ትኽእል እያ። አብ ቃና ዘገሊላ ንጭኑቓት ሰብ መርዓ ወደይ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት አርህያትሎም። ነቲ ጸልማት አንጸላልይዎ ዝነበረ ዳስ አብ ዝለዓለ ሓጎስ ቀይራቶ፥ ብዘይ ተስፋ ቁርጸት አብ ማርያም ዝቐረበ ንኢየሱስ ወዳ ተስምዓልና እያ። ሓንቲ ውዕሊ አላ እትሓተና ወደይ ዝበለኩም ግበሩ።

### ሎሚ ኢየሱስ ካብ ነፍሲ ወከፍና እንታይ ክንገብር ይደሊ፡

- ብግልና ቅዱሳን ክንከውን ይደሊ። ነፍስወከፍና መንፈስ አምላኽ መሊኹና ቅድስና ዝለበስና ክንከውን እዩ ድላዩ። አምላኽን ኃጢአትን ብሓንሳብ ክነብሩ አይክአልን እዩ። ሕይወትና ወይ ንአምላኽ ወይ ከአ ንሰይጣን እዩ ዝሕዝ ስለዚ ሎሚ ክንመርጽ አብ

ኢድና እዩ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ ዝብል ኣብ ልብና ኣሕዲርና ከመይ እነብር ኣሎኹ ምስ ኣምላኽ ርክብ ኣሎኒዶ ኢልና ምስ ሕልናና ክንዛረብ ሎሚ ዕለቱ እዩ። ብግልና ምስ ኣምላኽ ርክብ ክህልወና ግድና እዩ ምኽንያቱ ምስ ኣምላኽ ክራኸብ ዘይክእል ሕይወት ጸልማት ለቢሱ ንርእሱ ተጸጊሙ ንሰብ እዩ ዘጸግም።

- **ብሓባር ደቂ ኣምላኽ ኮና ክንርከብ ድላይ ኣምላኽ እዩ።** ኣምላኽ ንኹነኔ ዝፈጠሮ ወላ ሓደ ሰብ የለን። ኩልና ደቂ ሰማይ ክንከውን ዕጹማት ኢና። ኣብ ድሕነት ሓውናን ሓፍትናን ሱታፌ ክህልወና ድላይ ኣምላኽ እዩ። ጉዕዞ ሰማይ ብሓባር ክንጉዓዞ እንከሎና ከቢድ ኣይኮነን ከመይ ክንተሓጋገዝ ንኽእል ሓደ ሓውና ወይ ሓፍትና እንተ ደኸመ ስንቂ ሂብና ከም ዝብርትዕ እንገብሮ ንሕና ኢና ስለዚ ንጉዕዞ ሰማይ ብሓባር ክንጉዓዝ ጽዉዓት ኢና።
- **ደቂ ማርያም ዘብል ሕይወት ክንሕዝ የደልየና።** ንሱ ብማርያም ኣቢሉ ሓውና ካብ ኮነ እተራኽበና እተዛምደና ማርያም ካብ ኮነት ሎሚ እውን ርክብና ብማርያም ኸኸውን እንከሎ ዝያዳ ፍረ ኣለዎ። ሕብርና ግብርና ዘረባና ኣካይዳና ርክባትና ነቲ ምስ ማርያም ዘሎና ክርክባት ዘንጸባርቕ ክኸውን ይግብኦ። ብግብርና ሰባት ክፈልጡና ይኽእሉ እዮም ደቂ ማርያም ዘብለና ከአ ምስ ኩሉ ሰላም ክህልወና፥ ንጽጉም ሓውናን ሓፍትናን ክንረድእ፥ ንዝተባእሰ ክንዓርቕ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ጸሎት ክንፈቱ እንከሎና ደቂ ማርያም ኢና። ኣደታትና *ኣብዚአ ኣሎና ኣብዚ ኣሎና ደቂ ማርያም ኢና* እናበላ ክጽልያ እንከለዋ ምስ ማርያም ዘለወን ርክባት ንሰን ዝስዕብአ ማርያም ከምዝኾነት እየን ዝገልጻ እዚ ኸአ ናይ ኩልና ጸሎት ክኸውን ይግባእ።

ብዓልና በረኸት ማርያም ዝለበሰ ክኸውን እምብኣር ብሓባር ክንጽሊ ብሓባር ናይ ፍቕሪ ስራሕ ክንሰርሕ ይግባእ። ከም ሓንቲ ስድራ ኮና ፍቕሪ ክነደልድል ሰብ ሎሚ ሓደ ካብቲ ከቢድዎ ዘሎ ፍቕሪ ምግባር እዩ። ንፍቕሪ ሰጕግናያ ኣነ ጥራሕ ንብል ንጉድለትና ንድኻማትና ከይንርኢ ትዕቢት ክፍኣት ንልብና ደፊንዎ ኣብ ባእሲ ኣብ ምፍልላይ ኣብ ጽልኢ ክነብር ንርኢ ኣሎና፥ ካብዚ ጸልማት ዝጎልበቦ ሕይወት ክንወጽእ ንማርያም ሓግዝና ንወድኺ ለምንልና ንበላ።

በዚ ኣጋጣሚ ንኹልኽን ኣደታት ደቂ ኪዳነ ምሕረት ብፍሉይ ብዓልክን እተኽብራ ዘሎኽን ብሓቂ ደቂ ማርያም ኬንክን መንፈስ ማርያም ኣብ ኵሉ ልበሳ። ንቤተ ክርስትያንክን ብኹሉ ኣብነት ኩና። ኣደ ክጥዒ እንከላ ምሉእ ዓዲ ምሉእ ፈራዕ እዩ ዝጥዒ ስለዚ ናታትክን ቅድስናን መንፈስን ኣብ ሕይወትና ዓቢ ጽልዋ ኣልኦ ምእንታና መስዋዕቲ ክተሕልፉ ምእንቲ ቤተ ክርስትያንክን ነቲ እትገብርኦ መንፈሳዊ ፍቕርን ሓልዮትን ብዝያዳ ክተበርክታ ሓደራ እብል።

ወንጌል *ማርያም ንኹሉ ኣብ ልባ ትሕዞ ነበረት* ይብለና፥ ነቲ ኹሉ ጽቡቕን ሕማቕን ዝጓነፋ ዝነበረ ከየንጸርጸረት ከይኮርዐት ብዓይኒ ኣምላኽ ትርእዮ ነራ ሎሚ ካባኽን ዝድለ እዚ እዩ። ንኹሉ ጸርክን ምኽኣል ፍቕሪ ልዕሊ ኩሉ ሰሪዕክን ፈተውቲ ጽሎት ክትኮና ቤትክን ቤት ኣምላኽ ቤት ፍቕሪ ክትገብራ ሓደራ።

ማርያም ብዝያዳ ትቐርበክን ባህርኽን ተፈጥሮኽን ኣሓታ ስለ ዝኾንክን ኣብ ሕይወትክን ሕይወት ማርያም ክትስዕባ ጽዓራ። እኖና ኪዳነ ምሕረት ብጸግአን ጸሎታን ተሰንየክን፥ ብሩኽ ዓውደ ዓመት ንኹልና።

ኪዳን ምህረት ኣደና ኣማልድነታን ጸሎታን ኣይፈለየን ኣብ ዓድናን ዓለምናን ሰላምን ምሕረትን ወዳ ተውርደልና ብሩክ ብዓል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ